# ዘልፈ ጸልዩ ወኢትሀከዩ(ሉቃስ 18፥1)

## ዕለታዊ ጸሎታት

## ናይ ንጋሆን ምሸትን ጸሎታት

**ወዲ እግዚኣብሔር ሥጋና ዝለበሰሉን፡እግዝእተና ማርያም እኖ ኣምላኽ ዝኾነትሉን እናዘከርካ(ኪ) ወትሩ ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓለዋኣ ምእንቲ ክትነብር(ሪ)፡ ብጊዜኡ እዚ ዚስዕብ ጸሎት በል(ሊ)።**

*ይ መ፣* መልኣኽ እግዚኣብሔር ንማርያም ኣበሠራ
*ይ ሕ፣* ብናይ መንፈስ ቅዱስ ኀይሊ እውን ጸነሰት።
*(1 ሰላም ነኣኺ ኦ ማርያም.....)*
*ይ መ፣* እነኹ ኣገልጋሊተ እግዚኣብሔር
*ይ ሕ፣* ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ።
*(1 ሰላም ነኣኺ ኦ ማርያም.....)*
*ይ መ፣* ቃል ሥጋ ኮነ
*ይ ሕ፣* ኣባና'ውን ኀደረ።
*(1 ሰላም ነኣኺ ኦ ማርያም.....)*
*ይ መ፣* ነቲ ክርስቶስ ዘተስፈወና ምእንቲ ክንበቅዕ፡
*ይ ሕ፣* ኦ ቅድስቲ ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ለምንልና።

ንለምን፡

ኦ ኣምላኽና ንኣና ነቶም ብቓል መልኣኽካ ንሥጋዌ ክርስቶስ ወድኻ ዝ ኣመንና ፡ ዘለዓለማዊ ክብሪ ምእንቲ ክንረክብ ኣብ ውሽጢ ልብና ጸጋኻ ከዓወልና። ብሕማማቱን መስቀሉን ኣብ ናይ ትንሣኤ ስብሓት ክምእንበጽሕ ክትገብረና ከኣ ብክርስቶስ ጐይታና ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

3 ስብሓት ንኣብ.....

## ጊዜ ፋሲካ

ይ መ፣ ኦ ንግሥቲ ሰማይ ተሓጎሲ ሃሌ ሉያ
ይ ሕ፣ ከመይ እቲ ንምጻሩ ዝበቓዕኪ ሃሌ ሉያ።
ይ መ፣ ከምቲ ዝበሎ ተንሢኡ እዩ ሃሌ ሉያ
ይ ሕ፣ ኣደ ኣምላኽ ለምንልና ሃሌ ሉያ።
ይ መ፣ ጐይታና ብሓቂ ተንሢኡ እዩ'ሞ ሃሌ ሉያ
ይ ሕ፥ ኦ ድንግል ማርያም ተሓጎሲ ተደሰቲ'ውን ሃሌ ሉያ

ንለምን

ኦ ኣምላኽ ብትንሣኤ ኢየሱስ ክርስቶስ ወድኻ ንዓለም ክተሕጉስ ዝደለኻ ምእንቲ ድንግል ማርያም ኣዲኡ ቢልካ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ፍሥሐ ክትህበና ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

| ጸሎት ዘነግህ | | ጸሎት ዘሰርክ |
|---|---|---|
| ንጋሆ ምስ ተንሣእካ(ኪ)መኸር መርያ ስራሕካ(ኪ)ትእምረተ መስቀል ይኹን፣ ካልኣይ ስራሕ ካ(ኪ) ክኣ እግዚኣብሔር እቲ ሓዲስ መዓልቲ ክባርኸልካ(ኪ) ሓሳብካ(ኪ) ናብኡ ኣዕርግ(ጊ) | | ምሸት ቅድሚ ምድቃስካ(ኪ) ብዝሃበካ(ኪ) ጸጋታት ንእግዚ ኣብሔር ኣመስግን(ኒ)፣ ብዝጐደልካዮ(ኪዮ)ምሕረቱ ለምን(ኒ)፣ ንለይቲ ክኣ ዘድል የካ(ኪ) ሓገዙን ሓለዋኡን ለምን(ኒ)። |

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ኦ ኣምላኽይ እሰግደልካ ኣሎኹ፡ብፍጹም ልበይ እውን እፈትወካ ኣሎኹ፡ክንዲ ዝፈጠርካኒ ክርስትያን ክንዲ ዝገበርካኒ በዛ መዓልቲ እዚኣ ክንዲ ዝሓለኻኒ ኣመስግነካ ኣሎኹ፡ንኺለው ስራሔይ ኣቕር በልካ ኣሎኹ ፣በዛ ለይቲ እዚኣ እንካብ ኀጢኣት ክትሕልወኒ እን ካብ ኪለው ክፉእ ክተድኅነኒ እልምነካ ኣሎኹ።

ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር፡ስምካ ይመስገን መንግሥትኻ ይምጻእ፡ ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ከማኡ ኣብ ምድሪ ይኹን። ምግቢ ዕለትና ሎሚ ሀበና፡ዝበደልናካ ይቕረ በለልና፡ንሕናውን ንዝበደሉና ይቕረ ከምንብል፡ናብ ፈተና ኣይተእትወና እንካብ ክፉእ ደኣ ኣድኅነና፡ከመይ መንግሥትን ኀይልን ናትካ'ዩ ኣሜን።

ሰላም ንኣኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዝመልኣኪ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፡ እንካብ ኣንስቲ እተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርሥኪ ፍሬ ኢየሱስ ከኣ እተባረኸ እዩ።

ኦቕድስቲ ማርያም እኖ ኣምላኽ፡ለምንልና ንኣና ንኃጥኣን ሐጅን ብጊዜ ሞትናን። ኣሜን።

ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን ፡ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሂዚ ከኣ ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን።ኣሜን።

ጸሎተ ሃይማኖት ሃዋርያት ዝደረስዎ፡ ኣኣምን ብእግዚኣብሔር ኣብ ኪለው ዚኽእል ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ እውን ሓደ ወዱ ጐይታና ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ተጸንሰ ፡እንካብ ድንግል ማርያም ተወልደ ፡ ሓመመ ብትሕት ሥልጣኑ ንጲላጦስ ጴንጤናዊ ተሰቕለ ሞተ ተቀብረ ፡ ናብ ሲኦል ወረደ ብሣልሳይ መዓልቲ እንካብ ሞት ተንሴ ናብ ሰማይ ወፅኤ፡ኣብ የማን ኪለው ዚክእል እግዚኣብሔር ኣብ ተቀመጠ። ድኃር እውን ንዘለዉን ንዝ ሞቱን ኪፈርድ ይመጽእ ፡ ኣኣምን ብመንፈስ ቅዱስ፡ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን ካቶሊካዊት ናይ ቅዱሳን ሱታፌ ናይ ኀጢኣት ስሬት፡ ናይ ሙታን ትንሣኤ ናይ ዘለዓለም ሕይወት።ኣሜን።

ሰላም ንኣኺ ኦንግሥት፡ ኦእኖ ምሕረት ኦሕይወትናን ታሕጓስናን ተስፋናን ሰላም ንኣኺ፡ንሕና ስደተይናታት ደቂ ሔቃን ናባኺ ደገ ንጸንዕ ኣሎና፡ ኣብዙ ናይ ንብዓት ቈላ ኮይንና እንበኽናን እናንባዕ ናን ናባኺ ንምሕጸን ኣሎና ፣ ሀየ ደጊምስ ኦጠበቓና ንተን ርኅሩኃ ት ኣዒንትኺ ናባና ምለሲ ፡ድኅር'ዚ ስደት እዙይ'ውን ንቡሩክ ፍሬ ከርሥኪ ኢየሱስ ኣርእይና፣ ኦርኅርኅቲ ኦመሓሪት፡ኦጥዕምቲ ድንግል ማርያም።

ናይ ሃይማኖት ስራሕ፡ ኣኣምላኸይ ዘይትስሓሓት ኡነተይና መምህሩ ንስኻ ኢኻ እሞ ፡ ሓንቲ ቅድስቲ ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት ሮማዊት ቤተ ክርስትያን እትኣምኖ ኪለው ብጽኑዕ ልቢ ኣኣምን ኣሎኹ።

ናይ ተስፋ ስራሕ፡ ኣኣምላኸይ ናትካ ቃል ኡነተይና እዩሞ፡ምእንቲ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ትሩፋት ኣብዙ ዓለምዙይ ጸጋኻ ከምትህበኒ፡ ብናትካ'ውን ሥርዓት እንተነበርኩ ብዚመጽእ ዓለም ናይ ዘልዓለም ሕይወት ከምትህበኒ፡ብጽኑዕ ልቢ ተስፋ እገብር ኣሎኹ።

ናይ ፍቕሪ ስራሕ፡ ኣኣምላኸይ ፍጹም ሕያዋይ ኢኻሞ፡ መወዳእታ እውን ብዘይብሉ እትፍቶ ኢኻሞ፡ብፍጹም ልቢ እፈትወካ ምእንታኻ እውን ንሰብ ኪለው ከም ነፍሰይ እፈቱ።

ናይ ንስሓ ስራሕ፡ ኣኣምላኸይ ኣንካብ ኪለው እያዋይ ኢኻ ብውሽጢ ልበይ እፈትወካ፡ንኃጢኣት እውን እትጸልእ ኢኻሞ ኣብ ልዕሊ ኪለው ብኀጢኣተይ እኀዝን፡ናብ ካልእ ኀጢኣት ከኸይድ ኣይፈቱን፡እንካብ ናይ ኀጢኣት ምኽንያት ክርሕቕ ብጸጋኻ ጽኑዕ ፍቓድ እገብር ኣሎ ኹ።

ተኣምኖተ ኀጢኣት፡ እእመን ኀጢኣተይ ኵሉ ንዚኽእል እግዚኣብሔር ወትሩ ድንግል ንዝኾነት ብፅዕቲ ማርያም፡ንብፁዕ ሚካኤል ሊቀ-መላእ ክት፡ንብፁዕ ዮሐንስ መጥምቕ፡ንብፁዓን ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን ንቕዱሳን ኵሎም ፡ ንኣኹም'ውን ኣቦይ(ካህን)ብምሕሳብ ፡ብምንጋር፡ ብምግባር ከም ዝበደልኩ እእመን ኣሎኹ። ብኽፍኣተይ ፡ብኽፍኣተይ ብዓቢይ ኽፍኣተይ።

ምእንት'ዚ ወትሩ ድንግል ንዝኾነት ብፅዕቲ ማርያም ፡ንብፁዕ ሚካኤል ሊቀ-መላእክቲ።ንብፁዕ ዮሓንስ መጥምቕ፡ንብፁዓን ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን፡ንቕዱሳን ኵሎም ንኣኹም'ውን ኣቦይ፡ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ጸሎት ክትገብሩለይ እልምን ኣሎኹ።

ኡሓላውየይ ዝኾንካ፡ ናይ እዚኣብሔር መልኣኽ ኣግዚኣብሔር ንኣኻ ኀደሩ ሂቡኒ ኣሎሞ፡ ኣብርሃለይ፡ሓልወኒ፡ናብ ቅኑዕ ምርሓኒ ኣሜን።

ዝሞቱ፡ ሰብካን ፈተውትኻን፡ካልኦት ምውታን እውን ብዙኅ ጊዜ ዘክር፣ ምእንታኦም ከኣ ብልቢ እዚ ዚስዕብ መዝሙር ዳዊት ድገም። (መዝሙር፡ 130)

ይ መ፡ ሀቦሙ እግዚኦ ዕርፍተ ዘለዓለም፡
ይ ሕ፡ ወኣብርህ ሎሙ ብርሃነ ዘለዓለም።
ይ መ፡ ወይኩን ሎሙ ዕርፍተ በሰላም፡
ይ ሕ፡ ኣሜን።